# <u>The Sons of King of Kings Merara Tekelehaimanot</u>

Authored by **Fidel Mekonnen** and put out by the Africa World Press/Red Sea Press, a voluminous (542 pages) and a well-written and well documented book, deserves a huge acclaim; the author employs an anthropological methodology, and a combination of history and oral tradition to put together the genealogy of the Eritrean people traced back to their Ethiopian ancestry lines. This book is written in Tigrigna and could have a limited audience but for those who read the book with diligence, they will enjoy the craftily combined parentage heritage of blood line of the Eritrean people; most importantly, by reading the book, a significant number of Eritreans could now easily trace back their hereditary lineages. The **Institute of Development and Education for Africa (IDEA)** obtained the book three years after its publication, thanks in large measure to Mr. Haile G. Tensae, who sent us a copy of the book and brought it before our attention, but it is still worthwhile to introduce it to readers. IDEA recommends this book very highly and encourages Eritreans and Ethiopians who seek the truth and wanted to know their genealogical history to grab the book and read it in its entirety. Here below is a brief synthesis and review in Tigrigna by Sebhat Araia.

## <u>ደቂ ንጉሠ ነገሥት ምራራ ተኽለሃይማኖት</u>

**ደራሲ፡ ፊደል መኮንን**

**ርእይቶ፡ ስብሓት ኣርኣያ**

‘ደቂ ንጉሠ ነገሥት ምራራ ተኽለሃይማኖት’ ዘርእስታ መጽሓፍ ብዙሕ ትምህርትን ፍልጠትን ዝሓዘለት፣ ሓድሽ ፍልጠት ተቐስምን ከምኡድማ ንዝነበረ ፍልጠት ተርጉድን ዓቢ ቁምነገር ዝሓቖፈት መጽሓፍ ኮይና ረኺበያ ኣለኹ። እዛ መጽሓፍ’ዚኣ ትውልዲ ፡ ወለዶን ታሪኽን ህዝብታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ብብዙሕ መገዲ ዝተኣሳሰሩን ሓደ ምዃኖምን ትገልጽ መጽሓፍ እያ።

ኣብ’ዛ መጽሓፍ’ዚኣ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ጊዜ፣ ኤርትራውያን ካብ ወራር ወጻእተኛታት ንምድሓን ናብ ኢትዮጵያ ከም ዝኸድኑን፣ ኣብኡ ድማ ከምዝተረፉን ዝተዋሰቡን፣ ዝፈረዩን፣ ብኻልእ ወገን’ውን ኢትዮጵያውያን ብተመሳሳሊ ሽግር ናብ ኤርትራ ከምዝኸዱን ኣብኡ ድማ ከምዝተረፉን እተዋሰቡን ትገልጽ። ብኻልእ ሸነኽ ድማ ኤርትራውያን ይኹኑ ኢትዮጵያውያን ብመውስቦ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ሓደ ቦታን ከምዝተንቀሳቐሱን፣ ኣብቲ ዝኸድዎ ቦታ ድማ ከምዝተረፉን ትገልጽ።

እዛ መጽሓፍ’ዚኣ ነቲ ቀደም ወለደይ ዝነገሩኑ ናይ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን መበቆል ትውልዶም ብዝያዳን ብዕምቆትን ትገልጽ ኮይና ረኺበያ። ብተወሳኺ ‘ደቂ ንጉሠ ነገሥት ምራራ ተኽለሃይማኖት’ ምስ ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ዘንበብኩዋ ብገበረእየሱስ ኣባይ ዝተደርሰት ‘መሠረት ዓሌት ህዝቢ መረብ ምላሽ’ ዘርእስታ መጽሓፍ ብዙሕ ተመሳሳልነት ረኺብኩላ። ኣብ ርእሲ’ዚ ኣስታት ቅድሚ ሰላሳ ዓመታት ኣቶ መሓሪ ምስግና (ሰይፈ ነበልባል ዘጎዳይፍ) ዝተባህሉ ናይ ኣፍ ታሪኽ ሊቅ “ሓቀኛ ታሪኽ ምኽታል ንባዕሉ ሰላማዊ መርሆ እዩ” ብምባል ኣብ ሬድዮ ኣስመራ ብተኸታታሊ ናይ ኢትዮጵያን ኤርትራን ህዝብታት ዓሌታዊ ዝምድናታት የስተምህሩ ኔሮም። እቲ ዘሕዝን ግን እዞም ሊቅ’ዚኦም ካልእ ምንም ናይ ፖለቲካ

ትሕዝቶ ዘይነበሮ ሓቂ–ሓዘል ኣስተምህሮ ስለዝሃቡ ጥራይ በቶም ሓቂ ዘይፈትዉ ግን ድማ ብናይ መንነት ቅልውላው ዝሳቐዩ ግብረ እከይ ብጭካኔ ብጥይት ተቐትሉ።

እዛ መጽሓፍ ብናይ ወለዲ ናይ ኣፍ ታሪኽ፣ ካብ ውሉድ ናብ ወለዶ ዝመሓላለፍ ዝነበረ ትውልድን መውስቦታትን ኤርትራን ኢትዮጵያን ሥርዓትን ኣገባብን ኣትሒዛ ብሰነድ መልክዕ ስለዘቕረበቶ ነቶም ኩሎም ሓቀኛ ታሪኽ ክፈልጡን ክመሃሩን ዝደልዩ ኣዝያ ጠቓሚት እያ፣ ክምኡ’ውን ናይ መንነት ምዝባዕ ንዘጋጠሞም ውልቀሰባትን ጉጅለታትን ን’ደቂ ንጉሠ ነገሥት ምራራ ተኽለሃይማኖት’ መስመር ብመስመር ከንብቧ ይውከስ።

ከምቲ ኣብዛ መጽሓፍ’ዚኣ ተገሊጹ ዘሎ ናይ ኢትዮጵያን ኤርትራን ህዝብታት ብታሪኽ ሓደ ዝኾኑን ዝተኣሳሰሩን ስለዝኾኑ ክልቲኤን ሃገራት ናይ ሓባር ታሪኽ ኣለወን እንተተባህለ ምግናን ኣይኸውንን፣ እኳ ደኣ በዚ ስዓት’ዚ ኢትዮጵያውያንን ኤርትራውያንን መሰረቶም ሓደ ምኳኑ ተገንዚቦም ናይዛ መጽሓፍ ትሕዘቶን መልእኽትን ብዕምቆት ክፍትሹ ይላቦ። ኣብ ርእሲ’ዚ ነቶም ትውልዲ ሓረጎም ዘይፈልጡን ዝረስዑን፡ ወይድማ ዝኸሓዱ፡ ካብዛ መጽሓፍ’ዚኣ ትምህርቲ ርኸቡ ይብል።

ከምቲ ዝበሃል ከኣ ናይ ኣፍ ታሪኽ ይርሳዕን ትርጉሙ’ውን እንዳተቐየረ ይኸይድን፣ ዝተጻሕፈ ግን ናይ ኩሉ ጊዜ ፍልጠት ስለዝኾነ ንደራሲ ንፊደል መኮንን ጊዜኡን፡ ገንዘቡን፡ ጉልበቱን ሰዊኡ ነዛ መጽሓፍ ስለዘበርከተ ከመስግኖ እፈቱ፣ በተወሳኺ መደምደምታ ንምጽሓፍ ክጅምር ክብል በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ሃና ገብረኪዳን “ንሱ’ውን ይጠቕስ” ኢላ ንዘተሓሳሰበትኒ ናይ ቤተሰበይ ናይ ወልዱ ስብጋድስ’ውን ደራሲ ብዘዐግብ መዝጊብዎ ስለዘሎ ደጊመ ከመስግኖ ይደሊ።

All Rights Reserved. Copyright © Institute of Development and Education for Africa (IDEA), 2020; for more information on the book and exchange of ideas, please write to webmaster@africanidea.org